## ውሳኔ ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት (5ይ ክፋል)

ናይ ኤውሮጳ ኮምን ናይ ሕቡራት መንግስታት ጸጥታዊ ምኽሪ ቤትን ኣብዚ ቐረባ እዋን ዘውጽእዎ መግለጽታት ኢትዮጵያ ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ክትተግብር ክጽውዕ ከሎ ንኤርትራ ከኣ ንፍሉይ ወኪል ሕብራት ሃገራት ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ክተዛራርብ ይጠልቡ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መጸዋዕታት ብመሰረቱ ሕማቕ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ኡኳ ድኣ ኣገዳስን እዋናዊን ኢዩ። እዚ ክብሃል ከሎ ግን ኣግባብን ቅደም ተኸተልን ክሕሎ ይግባእ። ከመይሲ ስርዓት ዘይሓልወ ጓይላ ጸይቂ ኢዩ ዝኸውን። ኣብዚ ጉዳይ ናይ ኢትዮጰያን ኤርትራን ጸይቂ ከይስዕብ ክኽተሎ ዝግባእ ኣግባብ ኣሎ። ብኽምዚ ዝስዕብ ክገልጾ ክፍትን ኢየ።

ኤርትራ ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ብኣኽብሮት ክትቅበልን ክተሰተናግድን ኢያ። እዚ ማለት ከኣ ግዚኡ ሓልዩ ማለት ኢዩ። ብቐዳምነት ግን ኢትዮጵያ ነቲ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ክተኽብርን ክተተግብርን ይግባእ። ቅድሚ'ዚ ምኺኑ ግን ምስ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ምርኻብ ትርጉም ጥራሕ ዘይብሉ ዘይኮነስ ንኤርትራ ዓቢ ክሳራ ኢዩ። ከመይሲ ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ተቐብልካ ንምዝርራብ ዝጠፍእ ግዜ ናይ ኤርትራ ክሳራ ጥራሕ ኢዩ ዝኸውን። ፕረዘደንቲ ናይ ሓደ ሃገር ንፍረ ኣልቦ ዝኾነ ርክባት ዝጠፍእ ግዜ የብሉን።

መንፈስ ናይቲ ኮምሽን ዶብ ውሳኔ ዝብል፤ እቲ ውሳኔ ናይ መጨረሻን ቀያድን ኢዩ። በዚ መሰረት'ዚ ብቐዳምነት ከይተቐርመመ ከይተሸርፈ ወይ ከኣ ናይ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ፍልሰፍና ይኹን ዲፕሎማስያዊ ክእለት ከይተሓወሶ ክትግበር ክኽእል ኣላዎ። ብድሕርዚ ማለት ኣብ ተግባር ንዘጋጥም ሽግራት ናይ ግዲ መንጎኛ ከድሊ ኢዩ። ነዚ ከኣ ኣብ ካልእ ምኽድ ኣየድልን ኢዩ ነቲ ውሳኔ ናይቲ ዶብ ኮምሽን ምምልካት ጥራሕ እኹል ኢዩ። ከምዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ ኣብቲ ውሳኔ ኣሎ።

ዓንቀጽ 1. 2 ንኡስ ዓንቀጽ(16) "**ከምዝፍለጥ ክሳብ ሕጂ ውጺኢት ምሕንጻጽ ዶብን ኣብ መሬት ምምልካትን ስለዘይተፈልጠ፣ ኣብ ግዜ ዶብ ምምልካት ኣብ ባይታ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ግዜ ምትሕልላፍ መሬት ነቲ ዝግብኦ ኣካል፣ ኺጋጥም ዝኽእል ሽግራት ንውልቀሰባት እንተልዩ ኣብ ግምት ብምእታው ክልቲኦም ወገናት ንሕቡራት ሃገራት ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ተራ ክጻወት ይሓቱ።** "

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘል ዓንቀጽ ነዚ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ሽግር ዝፈትሕ ኢዩ። ከመይሲ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ሽግር ኣብ ኣተገባብራ ናይቲ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ዘይኮነስ ኢትዮጵያ ነቲ ውሳኔ ኣልቦን ዘይሕጋዊን ኢዩ ስለዝበለቶ ኢዩ። እምብኣር እቲ ሕመረት ብቐዳምነት ነቲ ዘይኣልቦነትን ሕጋዊነትን ናይቲ ውሳኔ ኢትዮጵያ ከምትቕበል ምግባር ኢዩ። ነዚኸ መን ኢዩ ዘፈጽሞ? ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ኣይኮነን። እቲ ውዕል ክፍረም ከሎ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ኣይነበረን። ነቲ ውዕል ዘውሓሱ ኣሜርካ፤

ኤውሮጳዊ ኮም፤ ሕቡራት ሃገራት ኢዮም። ኢትዮጵያ ዘይኣልብነትን ሕጋዊነት ናይቲ ውሳኔ ክትቕበል ከገድዱ ሓላፍነት ዘለዎም ንሳቶም ጥራሕ ኢዮም። ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ንኢትዮጵያ ከገድዳ ዓቕሚ የብሉን። እዚ ሕቶ'ዚ ናይ ምእማን ጉዳይ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ናይ ምግዳዳ ሕቶ ኢዩ። ነዚ ኣብቲ ናይ ኣልጀርስ ውዕል ጥራሕ ምሙርኳስ ይኣክል።

ኣብዚ ክፍላጥ ዘለዎ፤ ጉዳያት ከም ስፒርስ ሕውስውስ ምባል ዘይኮነስ ጉዳያት ብኣግባብን በቲ ዝተኣትወ ውዕላት መሰረት ምፍጻም ኢዩ ዘዋጽእ። ናይ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ምጥቃስ እዋኑ ኣይኮነን። ብሓቂ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ዘድልየሉ እዋን ኣሎ። ነዚ ኣብ ግምት ምእታው'ውን ከድልይ ኢዩ። ከመይሲ ከመዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ እቲ ውሳኔ ኣብ ዝትግበረሉ እዋን ሽግራት ከጋጥም ምዃኑ ፍሉጥ ኢዩ። ኩሉ ኣብ ወራቐት ዝተሓንጸጸ ኣብ መሬት ሰለል እንዳበለ ይትርጎም ማለት ኣይኮነነ። ስለዚ ብፍጹም ኣይነዘራርብን ማለት ኣየዋጽእን ኢዩ። ከመይሲ ድሓር ኣብ ዘድልየሉ እዋን ንሕቡራት ሃገራት ምውካስ ዘይተርፍ ስለዝኾነ ካብ ሕጂ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ብመሰረቱ መንግስቲ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ዝወሰዶ ተባዕ ስጉምቲ ክሙገስ ዝግብኦ ምዃኑ እንዳኣዘኻከርኩ ንመጻኢ ግን ክዳለወሎም ዝግባእ ናይ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ተቐብልካ ምዝርራብን ንመጻኢ እቲ ውሳኔ ኣብ ዝትግበረሉ እዋን በቲ ውዕል መሰረት ሽማግለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ንዘጋጥም ጸገማት ምፍታሕ ተራ ክህልዎ ምእንቲ ተቐባልነት ከምዘለዎ ምግላጽ ይምረጽ።

ከምዚ ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ሽሕ'ኳ እቲ ጉዳይ ብውሳኔ ኮምሽን ዶብ መዕረፊ ተጌርሉ ናይ መጨረሻን ቀያድን ኢዩ ይብሃል እምበር ኣብ ተግባር ግን ከምኡ ኣይኮነን። ነዚ ኣብነታት ምጥቃስ ይካኣል ኢዩ። ኣብ መንግ ኢስራኤልን ሊባኖን ዝነበረ ናይ ዶብ ሕቶ ድሕሪ እቲ ዝተዋህበ ውሳኔ 22 ዓመታት ተደናግዩ ኣብ ተግባር ውዕሉ። ኣብ ዝተግበረሉ ዝነበረ እዋን ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ክሳብ ተኹሲ ምልውዋጥ ኔሩ ኢዩ። ይኹን እምበር ብሞንጎኝነት እንዳተደቓቐሰ ኣብ መወዳእታኡ በጺሑ። ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ግብጽን ኢስራኤልን ዝነበረ ናይ ዶብ ሕቶ ድሕሪ እቲ ውሳኔ ኣብ ተግባር ኣብ ዝውዕለሉ ጊዜ ዘጋጥም ዝነበረ ሽግራት ብልዝብ ማለት ብሞንጎኝነት ይውዳእ ኔሩ ኢዩ። ነዚ ርሑቕ ከይከደና ኣብቲ ናይቲ ኮምሽን ዶብ ውሳኔ ምምልካት ጥራሕ ምምልካት ያኣክል ኢዩ። ከምዚ ዝሰዕብ ከኣ ይብል።

## 3.10 ንሓደ ግልጺ ዝኾነ ኩነት ውዕል፣ ብምኽንያት ኣቀራርባ ክልቲኦም ወገናት ከምዝመሓየሽ ንምግባር ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ፉሉይን ኣገዳስን ዝኾነ ውሳኔ ጣባ ብዝምልከት ኣብ መንጎ ግብጽን እስራኤልን[8] ዝተገብረ ኢዩ። ኣብኡ እቲ ስምምዕ ዘፍቅዶ እቲ ዝትከል ዓንድታት ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ንብምልኡ እቲ ዶብ ክኸውን ኣለዎ ይብል። እቲኣ ናይ መወዳእታ ዓንዲ፣ ብፍላይ ኣከራኻሪት ዝነበረት፣ ከምታ ቅድሚኣ ዝነበረት ዓንዲ ኣብ ዝተወሰነ

[8] ገላጋሊ ብይን ብዛዕባ ምጉት ንሓደ ሓደ ዓንድታት ዶብ ኣብ መንጎ ህዝባዊት ዓረባዊት ግብጽን ሃገረ እስራኤልን፣ 80 ILR 226 (1988)፣ 27 ILM 1421 (1988) (ካብዚ ቀጺሉ ብ"ጣባ" ዝፍለጥ)

ርሕቐት ኣይተተኽለትን። ዋላ'ኳ ከምቲ እቲ ቤት ፍርዲ ዘሓበሮ እቲ ስምምዕ ካብዚ ዝተወሰነ ርሕቀት እቲ ዓንዲ ክትከል ዘየፍቅድ'ኳ እንተኾነ ብዝኾነ ግን ግድነት ኮይኑ ስለዝተረኸበ "ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት፣ እቲ ዓንዲ ናይቲ ዶብ ብኽልቲኦም ወገናት ኣድላይነቱ ስለዝተገንዘቡ ተቐቢሎሞ" ይብል።

3.11 ነቲ ኣገባብ ብኸመይ እዞም ክልተ ወገናት ነቲ ቦታ ናይቲ ዓንዲ "ክቕብልዎ" ክኢሎም እቲ ቤት ፍርዲ ትዕዝብቱ ብኸምዚ ይገልጾ።

> *... እቶም ዝምልከቶም ሃገራት ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝኣክል ዝተቐበልዎ ምልክት ናይ ዶብ ዓንዲ ከምኡ'ውን በዚ መሰረት ዝሰርሓሉ ዝነበረ ብድሕርዚ ንሓደ ካብኣቶም ወይ ከኣ ካልእ ኣካል ነዚ ንነዊሕ እዋን ከምቕቡል ዝተወሰደ ብመሰረት ረኺበዮ ዝብሎ ጌጋ ንኽብድህ ክፉት ኣይከውንን። እቲ መትከል ናይ ምርግጋጽ ዶባት በቲ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ...፣[9] ተቐባልነት ዝረኸበ ዝጠልቦ ብዛዕባ ምልክት ዶብ እቲ ንነዊሕ እዋን ተቐባልነት ዝረኸበ በቶም ዝምልከቶም ሃገራት ክኽብርዎ ከምዘለዎም እምበር ንዝይተወሰነ ጊዜ ጌጋታት እንዳለቐምካ ክብዳህ ኣይግባእን ኢዩ።[10]*

ካብዚ ናይዚ ኮምሽን ዶብ ውሳኔ ንርድኦ ነገር እንተሎ ብቀዳምነት ኢትዮጵያ ጌጋታት እንዳለቀመት ነቲ ውሳኔ ዘይሕጋዊን ኣልቦን ክትብል ከምዘይትኽእል ኢዩ። ነቲ ውሳኔ ተገዲዳ ክትቅበሎ ምኺና ክፍለጥ ኣለዎ። ስለዚ እቲ ኣገባብ ብቐዳምነት ኢትዮጵያ ነቲ ውሳኔ ብምልኡ ተቐቢለዮ ክትብል ኣለዋ። ቅድም'ዚ ምኺኑ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ምትእትታው ናይ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ኣድላይነት የብሉን። ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ንመጻኢ ናይ ሽምግልና ቦታኡ ግን ካብ ሕጂ ክሕሰበሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ዘይተርፍ ጉዳይ ስለዝኾነ። ኣብቲ ውሳኔ ከምዘሎ ልዕል ኢሉ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣስዒቡ ዝመጽእ ጉዳይ ሽርሒ ናይ ኣሜርካ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኢዩ።

ኣሜርካ ኣብ ዶብ ናይ እስራኤል ምስ ዓረብ ሃገራት ዝተጸወተቶ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው ንኢትዮጵያን ኤርትራን ናይ ሓዋሩ ሰላም ክተምጽእ ዘሎዋ ተኽእሎ ዘማጉት ኣይኮነን። ይኹን እምበር ኣብዚ ኣከባቢ ሰላም ክመጽእ ዘይደልይሉ ምኽንያት ስተራተጂካዊ ረብሓታት ይህሉው ዶኾን ይኸውን? ኣሜርካ በጀካ ስተራተጂካዊ ረብሓታት ካልእ መርኣዪ ዓይኒ ስለዘይብሎም ዘማዕድውዎ ዘለዎ እንታይ ኮን ይኸውን?

ካልእ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝወጽኦ ንኤርትራ ብዝምልከት ናይ ወጻኢ ጉዳዩ ፓሊሲታቱ ዝብል መግለጺ ነቲ ውሳኔ ናይ ኮምሽን ዶብ ብምልኡ ኣብ ተግባር

---

[9] ጉዳይ ቴምፐል ይጥቀስ፣ ICJ ጸብጻብ 1962፣ ገጽ 34።

[10] ጣባ፣ 80 ILR 226 (1988)፣ 27 ILM 1421 (1988)፣ ሕጡብ 235።

**ክውዕል ኣለዎ ስለዝብል እንታይ ምድንጋራት ንምፍጣር ኮን ይኸውን? ነዚ ኣብ ዝመጽእ ተኸታሊ ጽሑፋት የራኽበና።**

**ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ተስፋሚካኤል ዮሃንስ**
**ኦስሎ ኖርወይ**

mailto:teckle3@hotmail.com

http://www.afronorway.com